መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# እቲ ካብ ውሑጅ ዝደሓነ ልኡል

ጸሓፊ ፡- Edward Hughes
ገላጺ ፡- M. Maillot; Lazarus
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ M. Maillot; Sarah S; Alastair Paterson
ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2020 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቕዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣

ቀዳማይ ሚኒስተር ዮሴፍ ድማ ሞተ!
ኩላ ግብጺ ከኣ ምስ ስድራቤት ዮሴፍ
ሓዘነት። ኣምላኽ ንዮሴፍ እቲ
እብራዊ ንኩላ ግብጺ ካብቲ ዝነበረ
ጥሜት ከድሕና ተጠቀመሉ።



ንሱ ጥበበኛን ኣብ
ኩሉ ድማ ፍቱው
ነበረ። ሕጂ
ግን ዮሴፍ
የሎን።

ድሕሪ ሰለስተ ሚእቲ ዓመታት ድማ ናይ ዮሴፍ ሕዝቢ፡ እቶም እብራውያን፡ ኣብ ግብጺ ብዙሓት ኮኑ። እቲ ሽዑ ዝነበረ ሓድሽ ፈርኦን ድማ ኣንጻሩ ንከይልዓሉ፡ ንኩላቶም ባሮት ገበሮም።



ንጉስ ፈርኦን ነቶም እብራውያን ብጭካነ ይሕዞም ነበረ። ብዙሓት ዓበይቲ ከተማታት ክሰርሑ ከኣ ይግድዶም ነበረ። ዋላእኳ ከቢድ ስራሕ የስርሖም እንተነበረ፡ ንሳቶም ኣዝዮም ይበዝሑ ነበሩ።



ሓደ መዓልቲ ሓደ ኣዝዩ ዘፍርሕ ሕጊ ካብ ንጉስ ፈርኦን ወጸ። "ኲላቶም ዝተወልዱ እብራውያን ህጻናት፡ ናብ'ቲ ዓብይ ናይል ዝብሃል ውሕጅ ደርብይዎም" በለ። እቲ ጨካን ፈርኦን ብከም'ዚ ብዝሒ ናይቶም እብራውያን ከግድሎ ሓሰበ፡



"እንታይ ንግበር?" ተበሃሃሉ ሓንቲ ስድራ ሓደ መዓልቲ። ንወዶም ኣብ ማይ ዘየእቱ ዘንቢል ገይሮም ኣብቲ ውሑጅ ክድርብይዎ ድማ ወሰኑ።



ነቲ ህጻን ተሸኪማ፡ እታ ንእሽተይ ናይ ዘንቢል ጃልባኡ ኣብቲ ናይቲ ውሑጅ ሰልሰላ ተንሳፍፍ ነበረት። ነዚ ንእሽተይ ህጻን እንታይ ኮን የጋጥሞ ይኸውን!??



ካብቲ ህጻን ርሕቅ ኢላ ሓፍቱ ናበይ ከም ዝከይድ ትከታተሎ ነበረት።



ኣጋጣሚ ጓል ንጉስ ፈርኦን ምስ
ኣገልገልታ ኣብኡ ትሕጸብ ነበረት።
ከይርኣየቶ ካብቲ ቦታኣ እንተ ዘይከይዳ፡
ከተልዕሎ ትክእል እያ።



"ኦ! ርኣይዎ ዘንቢል፡ ኣብቲ ሰልሰላ እንሀለ። እንታይ ኮን ይህልዎ ይኸውን!?"በለት ጓል ፈርኦን ከምጽእላ እናኣዘዘት። ምስ ከፈተቶ -እቲ ህጻን ክበክይ ጀመረ። "እብራዊ ህጻን እዩ" በለት።



"መስኪን! ክጽብቅ ከኣ!" ጓል ፈርኦን ልክዕ ከም ውላዳ ክትዕልሎ ጀመረት። ምናልባት ብናይ ግብጻውያን ቋንቋ "ኦቼ- ኮቼ ኮኦሙስ" ኢላቶ ትከውን።



ኣምላኽ ድማ ንሓፍቲ እቲ ሕጻን ፍሉይ ጥበብ ሃባ። ናብ ጓል ፈርኦን ከይዳ ድማ "ነዚ ህጻን ሞግዚት ኮይና እትከናኸነልኪ ሰበይቲ ዶ ክደልየልኪ?" በለትታ። እቲ መልሲ "ከዲ ድለይለይ" እዩ ነይሩ። ንመን ኮን ተምጽኣላ ትኸውን . . .!



"ኣደይ! ንዒ ቀልጥፊ! ቀልጥፊ እባ!" ፡ እታ ሕጻን እንታይ ከምዘጋጠመ ክትነግራ ግዜ ኣይነበራን። ክልትኤን ድማ እናጎየያ ከዳ።



ናብቲ ውሑጅ ምስተመልሳ ከኣ፡ ጓል ፈርኦን ነቲ ቆልዓ ሓቑፋቶ ነበረት። "ነዚ ቆልዓ ተኸናከንለይ፡ ኣነ ከኣ ክኸፍለኪ ኢየ" በለታ። "ሽሙ ከኣ ሙሴ በልዮ" እታ ጓል ንጉስ ሽም ኣውጸትሉ፡ ትርጉሙ ከኣ 'ካብ ማይ ዝወጸ' ማለት'ዩ።



ብኽምዚ ከኣ ሙሴ ናብ ወለዱን ቤቱን
ተመልሰ። ንሳቶም ድማ ንኣምላኽ ክፈርህን
ንሕዝቡ፡ እብራውያን፥ ከፍቅርን ነገርዎ።
ድሒሩ ሙሴ ኣብ ቤተ መንግስቲ፡ ምስ ጓል
ንጉስ ክቕመጥ እዩ።
እቲ ካብ ማይ ዘድሓኖ
እምላኽ፡ ጽቡቕ
ንመጻኢ ሓሲብሉ
ነበረ።





እቲ ካብ ውሑጅ ዝደሓነ ልኡል

ዘንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘጽኣት 2

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።″ መዝሙር 119፣130

መፈጸምታ

9

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡፡16